**ጉዳይ ኤርትራ ንኹዕሪ**
**ክንፈልጠ ዘድሊ**
16.02.2017

ዝኸበርኹም ኤርትራውያን ብቐዳምነት ልባዊ ሰላምታይ ይብጻሕኩም፡ ብምቕጻል እስከ ሎሚ'ውን ከም ኩሉ ጊዜ ብኩነታት ህዝብናን ሃገርናን ክንዛረብ።

ዝኸበርኩም ኤርትራውያን ትሰምዑዎ ከም ዘለኹም፡ ሎሚ ህዝብና ኣብታ ሃገሩ ከም ሕሱም ስለ ዝኸፍኦ ሃጽ ኢሉ ይጠፍእ ኣሎ፡ እቲ ካብ ሃገር ምጥፍኡ ድማ ከም ንቡር ኣይኮነን፡ ማለት ነታ ካብ ሃገሩ ምጥፋእ'ውን ብቐሊል ኣይኮነን ዝረኽባ፡ ከም ዓለሙ ፍቓድ ረኺቡ ኣይኮነን ዝገይሽ፡ ናብ'ቲ ዝሓሰቦ ክገይሽ ከሎ እንተ ተረኺቡ ይርሽን ኢዩ፡ ነዚ ክውንነት'ዚ እቲ ካብ ንቡር ወጻኢ ዝገብሮ ካኣ ነቲ ክካላኸለሉ ዝግባእን ከፌኡዎ ዝሰደድ ዘሎን ህዝቢ ባዕሉ ብተመልከተለይ ክቐትሎ ከሎ ኢዩ።

ስለ'ዚ ህዝቢ ኤርትራ ሎሚ እቲ ሓላውን ናባዪን ዘይብሉ ጓሳ ሲኢኑ ዘሎ ህዝቢ ኢዩ፡ እዚ ናይ ህዝቢ ጸገም ክሳዕ ክንድ'ዚ ሰማይ ዓሪጉ እናረኣኻዮ ኢድካ ኣጣሚርካ ንዝሓሰቡን ንዝቃለሱን ክትኩንን፡ ነቲ በዳል ሃገርን ቀታል ህዝብን ካኣ ከተጣቕዕ ካኣ ካብ ንቡር ወጻኢ ኢዩ፡ ስለ'ዚ ኩልና በቲ ዘሎ ሽግር ህዝብና ክንሓስብ ኢዩ ይግባእ።

ሎሚ ዝሰደድ ዘሎ ህዝብና እምባኣር፡ ነታ ምስ ሞት ዝተፋራረቐት ስደት'ውን ብኽንደይ ጻዕርን ምብልሓትን ኢዩ ዝመርጻ ዘሎ፡ ስለ'ዚ ከይፈለጠ ኣይኮነን ዝመውት ዘሎ፡ ካልእ ኣማራጺ ስለ ዘየለ ዓይኑ ተዓሚቱ ኢዩ ነታ ሞት ዝኣትዋ ዘሎ፡ ብሓጺሩ ንሞት ምስቲ ዘለዎ ሕማቕ ኩነታት ብምምዝዛን ንሓዲኡ ኢሉ ኢዩ ዝኣትዋ ዘሎ፡ ስለ'ዚ ናይ ሎሚ ሂወት ህዝቢ ኤርትራ ምስ ሞት ዝማዓራረ ኢዩ ኮይኑ ዘሎ።

ህዝብና ኣብ ሃገሩ ጥዑይ መንግስቲ እንተዝህልዎ ግን ከም ኩሉ ኣብ ዓለም ዘሎ ህዝቢ ወረቐቱ ጌሩ ናብ ዝደለዮ ክገይሽ ምኻኣለ፡ እቲ ሞትን ክሳራን'ውን ምጎደለ፡ ግን ነዚን ክንድኡን ዝሓስብ ጓሳ ስለ ዝሳኣነ፡ እዚ ኩሉ ተቓሊሱን ዘይትኣደነ መስዋእቲ ከፊሉን ኣብ ዘምጾ ናጽነት ኣብ ከም'ዚ ዝርኤ ዘሎ ሽግርን መከራን ዝመልኦ ተራእዩ ዘይፈልጥ ህልም ዝበለ ናይ ጥፍኣት መዋል ተዋሒጡ ኣብ ስቓይ ይነብር ኣሎ።

እንታይ ኢዩ'ሞ ለለ እንተበልናን ካብ መጠን ንላዕሊ ካኣ እንተ ተቖንዘናን እንታይ ጠቕሙ ትብሉ ትኾኑ፡ ግን ከም ባህርያት እታ ተሕመካን ትሳቕያካን ዘላ ቁስሊ ከይሓወየት ካብ ቃንዛ ኣይተዕርፍን፡ ስለ ዝኾነ ንዘሎ ሽግር ናይ ምፍትሑ ዓቕሚ ክሳዕ ነጥርን ቁስልና ክሳዕ ታሓውን ምቕንዛውና ቀጻሊ ኢዩ፡ ቃንዛና ካኣ መሰነይታ ናይ'ዚ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝወርድ ዘሎ ስቓይ ምኺኑ ክሳሓት የብሉን።

ካብ'ዚ ብምብጋስ እምብኣር ህዝቢ ኤርትራ ሎሚ ብጀካ እዚ ኩነታት እዚ ብኸመይ ይዕረን ስቓይና ይውዳእን እሞ ካብ ስቃይን ቃንዛን ካኣ ነዕርፍን፡ ካብ ዝብል ወጻኢ ክንሓስብ ኣይግባእን፡ ምኽንያቱ ሓደ ገዛ ባርዕ እንተዳኣ ኣትዩዎ ካብ ነቲ ሓዊ ምጥፋእ ዝቕድም ወይ ልዕሊኡ ዝሰራዕ ስራሕ የለን፡ ኩሉ ነገር ነታ ገዛ ምስ ኣድሓንካ ጥራይ ኢኻ ትገብሮ፡ ብሓጺሩ እታ ገዛን እቶም ኣብኣ ዘለው ስድራን ምስ ድሓኑ ኢዩ፡ እቲ ዝሕሰብ ዝሕሰብን እቲ ዝግበር'ውን ክግበር ዝካኣልን፡ ሽው ኢኻ እቲ ዝግባኣካ ትሰርሕ።

እቲ ካልእ ከይንሰርሕ ኣብ ሕድሕዳዊ ምጥርጣር ዘእትወና ዘሎ ካኣ፡ እቲ ብረታዊ ቃልሲ ካብ ዝጅመር ጀሚሩ ብጀካ ሕማቕ ጽቡቕ ነገር ዘይራኣናሉ ኣካይዳ ናይ እዚ ካብኡ ጀሚሩ እናዳናገረና መጺኡ ከም ሕሱም ዝረግጸና ዘሎ ስርዓት ኢዩ፡ ንኡ ብግቡእ ክሳዕ ዘይፈለጥናዮን ኢድ ንኢድ ተታሓሒዝና ነዚ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ብሓባር ክሳዕ ዘይተታሓሓዝናዮን ካኣ መወዳእትኡ ጌናን ከመይ ከምዝኸውን'ውን ዘይፍለጥን ኢዩ፡ ስለ'ዚ ዕቱብን ርጡብን ንኹሎም ውድባትን ውልቀ ሰባትን ዘጠቓለለ ሓባራዊ ዘተ ኣብ ዝሕተተሉን ውዓል ሕደር ካኣ ዘየድልዮን እዋን ኢና ዘለና እሞ በብወገንና ንሕሰበሉ።

ነቲ ጥዑይ ሓሳብ ረኺብካ ዝሓይሸ መገዲ ንምርካብ ካኣ ኣብ ዝኸድካ ኪድ ኣብ ዝሃለኻ ሃሉ ምስ ኤርትራውያን ኣሕዋትካ፡ ምስቶም ብዛዕባ እቲ ዝውጻዕ ዘሎ ህዝብን ትጠፍእ ዘላ ሃገርን ዝዛረቡን ዝሓስቡን ማለተይ ኢየ፡ ክትዛረብ ከለኻ እታ ክትከውን ትድለ ሓጻርን ሓንትን ኢያ፡ ንሳ ካኣ ህዝቢ ኤርትራ ከም ዓለሙ ኣብ ትሕቲ ሓደ ጥዑይን ስሩዕን ብሕጊ ዝቖመን ብሕጊ ዝመርሕን ብሕጊ ካኣ ዝምራሕን መንግስቲ ሃልዩዋ፡ ህዝባ ብሰላም ክነብሩላ ዘኽእል ኩነታት ንምፍጣር ኢዩ።

ካብ'ዚ ወጻኢ ኩሉ ኮለል ኢዩ፡ ምኽንያቱ ብምብዛሕ ዘረባ ንሓንቲ ሃገር ካብ'ቲ ዝግባኣ ንላዕሊ ክትገብራ፡ ንሓደ ህዝቢ'ውን ካብ'ቲ ዝግብኦ ንላዕሊ ክኸውን ከም ዘለዎ ክትገብሮ ኣይትኽእልን ኢኻ፡ ንሕና ካኣ ከም ዓለምና እምበር ካብኡ ንላዕሊ ዘድልየና ኣይኮናን፡ እንተ ነቒሕና ካኣ ክዕምጸና ዝኽእል ኣካል ኣይክህሉን ኢዩ።

እዚ ዘሎ ክውንነት ካብ ብንጉሁኡ ሓሰብትን ጠጃእትን ዘለውዎ ኮይኑ ንወጽዓናን ንጥፍኣትናን ዝተጠምጠመ ስለ ዝኾነ እምበር ንህዝቢ ኤርትራ ሰዒሩ ዝወጸ ስርዓት ስለ ዘይኮነ፡ እቲ ዘሎ ወጽዓ ክዳጋገም ከም ዝኽእል ጌርና ከም ውሁብ ኣይንውሰዶ፡ ኣብ መሰረቱ ወይ መጀመርትኡ ዝተባላሸወ ነገር ምዕራይ ቀሊል ሰለ ዘይኮነ ጥራይ ኢና ኣብ ዝሓልፍ ዘይመስል ሽግር ወዲቕና ከለና ስምምዕ ስኢንና ንሳቐ ዘለና።

እዚ ስርዓት እዚ ኣብ ከቢድን ዘይሓልፍ ዝመስል ዝነበረን መግዛእቲ ንምውጋድ ኣብ ቃልሲ ተጸሚድና ከለና ንግርህናናን ቅንዕናን ከም መሳልል ተጠቒሙ ንህዝቢ ኤርትራ ዘዘንህዌ ናይ ተንኮለኛታት ጭፍራን መሳርሒ ዘይርኤ ኣእዳውን ጥራይ ኢዩ፡ ሎሚ ኣብ'ዚ ጊዜ ጸገምና ከዳናግርን ቃልስና ከዘምብዕን ካብ ዝፈታተን ካኣ ክንጥንቀቕ ኣለና፡ ብተደጋጋሚ ክትዝንጋዕ እንተዳኣ ኮይኑ ካብ ዝሓለፍካዮ ዘይምምሃር ኢዩ።

ቃልሲ ኣብ ጉዕዞ ብዘጋጥሞ መሰናኽል ኣይኮነን ዝምዘን፡ ህዝባዊ ቃልሲ ብኽይዲ ናይ ግድን ዝዕወት ኢዩ፡ ንሕና ነቲ ናይ መወዳእታ ፋታሕ ብንቕሓት ክንገጥሞ ድልዋት ክንከውን ጥራይ ኢዩ ዘለና፡ ነቲ ሕጊ ዝጸፈፈን ንዓመጽቲ መገዲ ዘይህብን ንምግባሩ ካኣ ድልዋት ንኹን፡ ሳኣን ብሕጊ ዝምራሕ መንግስቲ ምቛም ኢና ንሳቐ ዘለና። ንዘሎን ንዝሓለፈን ብምስትውዓልን ምምዝዛንን ንቕድሚት ጥራይ ንሕሰብ።
ክሳዕ ብኻልእ ኣርእስቲ ዝምለሰኩም ካኣ ሰናይ ቅነ።

ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና
ዓወት ድማ ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና